መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ያእቆብ እቲ ዘታለለ



ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- M. Maillot; Lazarus

ኣወሃሃዲ፣ M. Kerr; Sarah S; Alastair Paterson

ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



እግዚኣብሄር ሓዲሽ
ቆልዓ ንስድራኹም
ሂብኩም ይፈልጥ ዶ?
ኣዝዩ ዘሐጉስ ኢዩ!
ይስሓቅን ርብቃን ድማ
ዕጽፊ ሓጎስ ተሓጉሶም
ነበሩ። እግዚኣብሄር
ማንታ ውሉድ ሃቦም።

እቶም ማናቱ ኣብ
ከብዲ
ኣዲኦም እንከለዉ
ይብኣሱ
ነበሩ። ርብቃ ምስ
ጸለየት ድማ
እቶም
ክልተ ቆልዑት
ክልተ ሃገራት
ክገዝኡ
ምኻኖን ፡...



... እቲ ንእሽቶይ
ድማ ነቲ ዓቢ
ክገዝኦ እዩ
በላ። ኩሉ ግዜ
እቲ
መጀመርታ
ዝወጸ እዩ
ዓቢ ዝብሃል።
ኣብ መወዳእታ
ድማ እቶም
ህጻናት ተወልዱ።



እቶም ማናቱ ግን ኣይመሳሰሉን ነበሩ። ኤሳው እቲ ዓቢ ኣዚዩ ጨዳር ቆርበት ዘለዎ ሃዳናይን ነበረ። ያእቆብ ድማ ለማጽ ቆርበቱ ኣብ ቤት ምስራሕ ዝፈቱን ኢዩ ዝነበረ። ኣቦኦም ይስሓቅ ድማ ን ኣሳው ወዱ ኣብሊጹ ይፈትዎ ነበረ። ኣዲኦም ድማ ንያእቆብ ትፈቱ ነበረት።



ሓደ መዓልቲ ኤሳው ኣዝዩ ጠምዩ ነበረ። "መግቢ እባ ሃበኒ" ኢሉ ለመኖ ን ያእቆብ "እሞ ብኹርናኻ ሸጠለይ" በሎ ያእቆብ ድማ። ኤሳው ፡ እቲ እግዚኣብሄር ዝተማባጽዖ ቃል ብዛዕባ እቲ በኽሪ ዉሉድ ኣይገደሶን።



ንያእቆብ ድማ ብኹርንኡ ሃቦ። ሕጂ ያእቆብ ድሕሪ ኣቡኡም ሙማቱ ፡ንሱ እዩ ርእሲ ዝኸውን ማለት እዩ።

ሓደ ለይቲ እግዚኣብሄር ንያዕቆብ ተዛረቦ "ኣነ ኣምላኽ ኣቦኻ ኣብርሃም እየ፥ ኩሉ ግዜ ድማ ምሳኻ እየ፥ ንዘርእኻ ዉን ክባርኾ ኢየ" በሎ።...



... ይስሓቅ ን እግዚኣብሄር እንዳ ኣገልገለ ከሎ ድማ፡ ወዱ ኤሳው ምስ ክልተ ኣንስቲ ካብ ሔታውን ተመርዓወ፡ እቶም ህዝቢ ግን ንኣምላኽ ዘይፈልጡ  እዮም ዝነበሩ።





ይስሓቅ ምስ ኣረገ ድማ "ኣዝዩ ጥዑም ስጋ ሰሪሕካ ኣምጽኣለይ በሎ ን ኤሳው። ሽዑ ኣነ ድማ ክባርኸካ እየ በሎ።" እዚ ፍሉይ ባርኾት እዚ ካብ ኣቦ ነቲ በኽሪ ዉሉድ ዝወሃብ እዩ። ኤሳው ክሃድን ወፈረ። ርብቃ ግና ተሓቢኣ ትሰምዕ ነበረት። ያእቆብ ክባረኽ ድማ ደልያ ነበረት።



ርብቃ ሓደ መደብ ሓሰበት። ተቐዳዲማ ነቲ መግቢ ኪትሰርሒ እሞ ፡ያእቆብ ናይ ኤሳው ክዳውንቲ ለቢሱ፡ ጸጉሪ ናይ እንስሳ ኣብ ኢእዳዉን ክሳዱን ተጠምጢሙ ክእቱ ኢላ ሓሰበት። ይስሓቅ ጽቡቅ ገሩ ስለ ዘይርኢ ከታልልዎ ይኽእሉ እዮም።

ያእቆብ ነቲ መግቢ ናብ
ይስሓቅ ወሰዶ። ድምጽኻ ናይ
ያእቆብ ኣእዳውካ ግን ናይ
ኤሳው ይመስል በሎ "ኣብኡ
ይስሓቅ"፡ ነቲ መግቢ ምስ
በልዐ ድማ ፡ይስሓቅ ነቲ ኣብ
ቅድሚኡ ተንበርኪኹ ዝነበረ
ይእቆብ ባረኾ።





ድሕሪ ያእቆብ ምኻዱ ድማ ፡ኤሳው ናብ ይስሓቅ መጸ። ኣቦ እንሃለ እቲ መግቢ ድማ በሎ። ይስሓቅ ከም ዝተታለለ ዘከረ። ሕጂ ነቲ ምርቃ ክቕይሮ ኣይክእልን እየ ኢሉ ድማ ሓዘነ። ኤሳው ኣዝዩ ተናደደ። ንያእቆብ ክቀትሎ ዉን ወሰነ።

ርብቃ ናይ ኤሳው ሕርቃን ምስ ርኣየት፡ "ንዓ ናብ እንዳ ኣኮኻ ቤት ህደም ክሳብ ሓውኻ ሕርቃኑ ዝዝሕለሉ" በለቶ ንያእቆብ። ይስሓቅ ድማ ያእቆብ ካብ እንዳ ኣዲኡ ዓሌት ሰበይቲ ከምጽእ ከም ዘለዎ ነገሮ። ይእቆብ ድማ ንቤቱ ገዲፉ ወጸ።




በታ ለይቲ እቲኣ ይእቆብ
ኣብ ሓንቲ በታ
ክድቅስ የዕረፈ፡ እምኒ
ድማ ንትርኣስ ዝኾኖ
ተጠቀመ። ምናልባት በይኑ
ስለ ዝነበረ ክፈርህ
ይኽእል፡ ግና በይኑ
ኣይነበረን።
እግዚኣብሄር
ኣብ ጽቡቅ
ሕልሙ
ተዛረበ።



"ኣነ ኣምላክ ኣቦታትካ ኣብርሃምን ይስሓቅን እየ። ኣነ ምሳኻ እየ። እታ ምድሪ ክህበካ እየ። ብዘርእኻ ድማ ኩሉ ዓለም ክባረኹ እዮም" ድማ በሎ። ድሕሪ እግዚኣብሄር ምዝራቡ ድማ ይእቆብ ካብ ድቃስ ተበራበረ፡ ኣዝዩ ድማ ፈረሐ።

ላባን ኣኩኡ ንያእቆብ ድማ ተቀበሎ። ያእቆብ ንጓል ኣኩኡ ራሄል ኣዚዩ ፈተዋ፡ ንክምርዓዋ ድማ 7 ዓመት ንላባን ተገዝአ። ኣብቲ መርዓ ምሸት ግና ላባን ንያእቆብ ኣታለሎ።



"እዚኣ ልያ እምበር ራሄል ኣይኮነትን" ያእቆብ ኣንጸርጸረ። "ኣታሊልካኒ" ድማ በሎ ንላባን። ላባን ግና "እታ ዓባይ ከይተመርዓወት እታ ንእሽተይ ስለ ዘይትምርያ" እየ ኢሉ መለሰ። "ግን ንራሄል ኪትምሪዓዋ ተደሊኻ ግን መሊስካ 7 ዓመት ክትግዝኣኒ ኢካ"...



በሎ። ያእቆብ ድማ ንራሄል ኣዚዩ የፍቅራ ስለ ዝነበረ ተሰማምዐ። ምናልባት እቲ ንኤሳው ሓው ዝገበሮ ምትላል ተዘኪሩዎ ይኸዉን።



ይእቆብ ድማ 11 ኣወዳት ነበሩዎ። ጊዜ ምስ ሓለፈ ድማ ስድራቤቱ ሒዙ ናብ ከንኣን ኪምለስ ደለየ። ስድራቤቱ ኣብኡ እዮም ኔሮም። ኤሳው እቲ ክቀትሎ ዝደሊ ውን ኣብኡ እዩ ኔሩ።...



... ዉሑስ ዶ ይኸውን? ሓደ
መዓልቲ ግን እግዚኣብሄር
ክምለስ ነገሮ። ኩሎም
ስድራቤቱ ሒዙ ናብ
ዓዱ ድማ ክምለስ ተዳለወ።



እንታይ ዓይነት ጉዕዞ
እዩ! ኤሳው ንያእቆብ
ክረክብ ምስ ኣርባዕተ
ሚእቲ ሰብኡት መጾ።
ክጎድኦ ኢሉ ግና
ኣይኮነን። ብጉያ መጺኡ
ድማ ሓኒቑ ሰዓሞ።...



... ያእቆብን ኤሳውን
ድማ ኣዚዮም ዝፋቀሩ
የዕሮክ ኮኑ። ያእቆብ ድማ
ብሰላም ኣብ
ቤቱ ክነብር ጀመረ።



ያእቆብ እቲ ዘታለለ

ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 25-33

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፥130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን
ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ
የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ
ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ
ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ
ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3::16